# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፲

ዝቐጸለ…

"…በዚዑ እተተሓሓዘ ሓደ ግሩም ዝኾነ ዛንታ ግዳን ኣዘኻኺርካኒ'ሞ ኽነግረካ፦

"ብዘበን ጣልያን ሓደ ጻዕዳ ኣብ ኤርትራ ገዛኢ* ነበረ'ሞ ንዓበይቲ ዓዲ ጸዊዑ ግብሪ ኣብልያም። ብድሕሪ ድራር ድማ፣ 'ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ ፍለጡለይ' በሎም።"

"ዋእ፣ ኣቦይ ቀሺ! 'ቲ ጣልያን ደኣ ኸመይ ኢሉ እዩ ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ ፈሊጡ?"

"ገና ኣብ ዓዱ ኸሎ ብዛዕባ ሃገርና ታሪኽን ባህልን ኣጽርዩ እተምሃረ ሰብ እኮ እዩ ነይሩ። ግዕዝ ቅኔ ኸይተረፈ ዝፈልጥ ምሁር፣ ሊቅ ሰብ እዩ ነይሩ ይብሃል።"

"ግዕዝ ቅኔ እተምሃረ ጣልያን! ከም እዚዑ ዝበለስ ኣነ ሰሚዐ ኣይፈልጥን።"

"እወ፣ ምሁር እዩ ነይሩ እሞ እቶም ዓበይቲ ኤርትራ ድማ 'ሰሰናቢ.ተይ' ኢሎም ምስ መለሱሉ፤ 'እስኪ በሉ ኣብ ገነት እተኣሰረት ኣድጊ ፍለጡለይ?' በሎም ይበሃል።"

"ወይ ጉድ! ድሓርከ?"

"በል ንኽንማኽር ፍቐደልና ኢሎም ኪማኸሩ ኸበቡ እሞ፣ 'ወይ ጉድ! ሎምስ ገነት እተኣሰረት ኣድጊዶ በለና! ገነት ዚብላ ንሃገርና እዩ፤ ግን ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ ንኽንፈትሕዶ ባዕልትና ኣእዱግ ኢና ኽንብሎ ኼንና? ነውሪ! ሕንቅ-ሕንቅሊቶይካ ምፍትሑ ኣይከኣልናን፣ ኣብዩና ድኣ ንበሎ እሞ፣ ዝበለ ይበል!' ኢሎም ተማኸሩ።"

"ዝገርም እዩ! ብድሕሪኡኸ?"

"ብድሕሪኡስ፣ 'ንሕናስ ንሕንቅ-ሕንቅሊቶይካ ክንፈትሖ ኣይከኣልናን' ደኣ በልዎ።

"ድሓርከ?"

"ንሱ ድማ ከምቲ ንቡር ልማድ ዘሎ፣ 'ኣድርሩኒ እሞ ኽነግረኩም…' በሎም፣ 'ተደረር' በልዎ፣ 'ብጻዕዳዶ፣ ብጸሊም ጣፍ?' በለ፣ 'ብጻዕዳ ጣፍ' ምስ በልዎ፤ 'በሉ እምበኣር፣ ጻዕዳ ጣፍ ዝበለ ጻዕዳ ጣፍ ይሃቦ፣ ጸሊም ጣፍ ዝበለ ጸሊም ጣፍ ይሃቦ፣ ኸም መርፍእ የቕጥኖ፣ ኸም ማዕጺድ የጉብጦ…' ኢሉ ከምቲ ኹሉ ንቡር ዘሎ ኢሉ በለ'ሞ፤ 'ገነት ማለት ሃገርኩም፣ ካብቲ ጥዑም ኣየራ ጀሚርካ ክሳዕ ሓመዳ ንኹሉ ኣዝርእቲ ግሩም ዝኾነት ገንት እያ። ዓድና ድኣ ብኽንደይ ቁሪ፣ ዛሕልን፣ በረድን ኣዝርእቲ ንምብቋል ክንደይ ሽግር ኣሎና። ኣብ ገነት እተኣሰረት ኣድጊ ማለት ድማ ንስኻትኩም ኢኹም። ነዛ ገነት እትመስል ሃገር ሒዝኩምስ ካባና ንላዕሊ በሊጽኩም ክትስልጥኑ ምተገብኣኩም ኔሩ፣ ግን ድሕሬና ተሪፍኩም፣ ሎሚ ንዓና ትግዝኡ ኣለኹም!' በሎም ይበሃል።

"ካብቶም ሽማግለታት ዓዲ ድማ ሓደ ዓብዪ ሰብ ተንሲኦም፤ 'ንሕና ስገምን ስርናይን ዘሪእናን፣ ኣብቊልናን፣ ጉዕሽን ጽራይን ስዋ ኽንሰቲ ኸለና፣ ጡጥ ፈቲልና፣ ብማእለማ ኣሊምና ነጸላን ጋብን፣ በብዓይነቱ ጥልፈታት፣ ቅጭንን ኩታን ኣንስትና

ተኸዲነን ኸጋይጻ ኸለዋ፣ ኸተማታት ሃኒፅና፣ ሐወልቲታት ተኺልናን ማዕቢልናን ክንነብር ከለናዶ ክሳዕ ትማሊ፣ ትማሊ ጽዐዱ ኤውሮጳ ጥራይ ዝባንኩም፣ ቆርበት ተዓጢቕኩምዶ፣ ደድሕሪ ዓጋዜንን ጤለ-በዱን ሃደን ትጐይዩ ኣይነበርኩምን? ካሊእስ ይትረፍ ለመም ዚብሉ፣ ገለ-መለ ሓሳኹ ባሕሪዶ ኣይኮነን እናዘቖቕኩም እትበልዑ? ታሪኽ ሃገርና ካባይ ኣብሊጽካ ሰለ እትፈልጠ፣ ኣነዶ ንዓኻ ኸነግረካ ኾይኔ? መዓስ ጠፊኡካ? ግን ብኽርስትና ሃይማኖትና፣ ተቐበልቲ ጋሻ ብምዃንና፣ ካብ ግብጺ፣ ካብ ቱርኩ፣ ክፉኣት ጸላእቲ በዚሖምና፣ በብዘበኑ እናመጹ እናወረሩ፣ ክንዋጋእ፣ ንሃገርና ኽንካላኸል ድኣ ድሕሪት ተሪፍና እምበር ኣእዱግ ስለ ዝኾንና መዓስ ኮይኑ?’ ኢሎም መለሱሉ ይበሃል።”

“ዜደንቕ መልሲ እዩ። ጽቡቕ እባ ድኣ ገበሩዎ!”

“እዙይ ምስ በልዎ ተንሲኡ ‘ነጸላ ሃቡኒ’ በለ’ሞ፣ ብነጸላ ዝባኑ ኣደግዲጉ ዓጢቑ፤ ‘ወይ ግሩም! ለካ ኣነስ ላዕለ-ላዕሉ ጥራይ ርእየ ደኣ እየ እምበር እዙ ኹሉ ሽግር ጸላእቲ ከም ዝነበረኩም ብዘይ ምፍላጠይ፣ ‘ኣድጊ’ ኢለውን ስለ ዝደፈርኩ ይቕሬ በሉለይ!’ ኢሉ እናዞረ፣ ተምበርኺኹ ካብ ኩሎም እቶም ኣጋይሹ ይቕሬታ ለመነ ይብሃል።”

**ይቕጽል…**

* ኣብ ላዕሊ “ገዛኢ ኤርትራ ዝነበረ ጣልያን…” ብዚብል እተጠቐሰ ሰብ ብምርምር ከም ዝረኸብክዎ ምናልባት ኤንሪኮ ሴሩሊ (Enrico Cerulli) ዝብሃል፣ ገዛኢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብምሉኡ ‘ግዝኣት ጣልያን ምብራቕ ኣፍሪካ’ ተብሂሉ ንዚጽዋዕ ዝነበረ ሃገራት (ንኢትዮጵያን ንደቡብ ሶማልያን ሓዊሱ) ዜመሓድር ዝነበረ ሰብ ከይኮነ ኣይተርፍን። ኤንሪኮ ሴሩሊ ትግርኛ፣ ግዕዝ፣ ኣምሓርኛ፣ ጥራይ ዘይኮነስ ቛንቋ ኦሮምኛውን ከይተረፈ ዚፈልጥ፣ ብዙሕ ጽሑፋትን ዛንታትን ተርጒሙ ዝሐለፈ፣ ዓብዪ ሊቅ ሰብ እዩ ነይሩ።